# ግርም'ባ ድምጺ ሓፋሽ
# ምስጢር ተውጽእ

ጊዜ ስርሐይ ድሕሪ ቀትሪ ኢዩ ነይሩ። ዝጀመርኩሉ ፋዱስ ኮይኑ ስዓት ዓሰርተ ናይ ምሸት ወዲአ ንገዛይ ገጸይ መንገደይ ኣምራሕኩ። ኣብ እግረ መንገደይ፡ ገዛይ እቱው ብዝበልኩ ኮምፒተር ክውልዕ መደብኩ። ነዚ ክምድብ ዝገብረኒ ምኽንያቱ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ንነፍሲወከፍና ድቓስ ከሊኡ ዘሎ ርትዓውን ውድዓውን ጉዳይ ኮይኑ ኣብ ዒንክላሎ ባሕሪ ሓሳብ ጥሒለ ብምንበረይ እየ። ብዝኾነ ንበይነይ ካብ በሪኽ ጎቦ እናኣንከራረወ ዝመጸካ መደሮኻሕ፤ ካብ ፈቆዶ ጎቦን ስንጭሮን ጎላጉልን ዓንደፍደፍ እናበለ ዚመጸካ ውሕጅ፤ ካብ ከርሲ መሬት ተተኩሱ ዝትፍኣካ እሳተጎመራ፤ ካብ ላዕሊ ህዋ(ሰማይ) ተወርዊሩ ዝመጸካ በርቂ፤ ካብ መሬት ኣንቀጥቂጡ ሓደሽደሽ ዝብል ገዛውትን ቢንቶታትን እናርኻን እናሰማዕካን ኢድካን እግርኻን ኣማሳቂልካ ኩዱጭ ኢልካ ምጽባይ ዘሎ ኣይመስለንን። ኤርትራውያን ግና ሽግር ገዛናን ሃገርናን እዞም ዝጠቐስኩዎም ባህሪያዊ ጸገማት ኣይኮኑን። እቲ ሓቒ ፈሊኻ ንምርኣይ ንብዓል ኤውሮጳዊያን ኣሜሪካን ምጥቓን ገዲፍካ ውሻጠ ገዛኻን ባይታኻን ምርኣይ ኣገዳሲ ምዃኑ መብርሂ ዘየድልዮ ብሩህ ጉዳይ ኢዩ። በዝን ወዲዝን እናሃውተትኩ ድማ ከይተፈለጠኒ ገዛይ ኣተኹ።
ናባይ ዝተላእከን ዝመጸን ደብዳቤ እንተሎ ከንብብ ኣብ ልዕሊ ጣውላ ዝነበረ ወረቓቕቲ ገናጺለ ደሊየ ኣይረኸብኩን። ትኽ ኢለ ክኣ ናብታ ኮምፒተርና ዘላትሉ ክፍሊ ኣቲየ ብመንገዲ ኢንተርነት ካብ ኣሜሪካ ዝፍኖ ራዲዮ(VOA) ዜና ክሰምዕ ወላዕኩ። እታ እዝነይ ዝሰምዔቶ እሞ ምእማኑ ዘሸገረኒ ድምጺ ሓፋሽ ዘቃልዔቶ ምስጢር “ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብዓሊ ስዒድ ዓብደላ ዝምራሕ ጉጅለ ብምኽንያት መበል 75 ኣኼባ ምኒስትራት ሓድነት ኣፍሪቓ ንኣዲስ ኣባበ ከምዝተገበሰ” ዝብል ሰማዕኩ። ኣምላኸ ክዳነ ምሕረት ሓቒ ድዩ ኢለ ደጋጊመ ሰማዕኩዋ።

እቶም ተምበርኪኽቲ፣ ከዳዓት፣ ጸጥታ ሃገርን ሓድነት ሕዝብናን ዘረግትን ሕንፍሽፍሽ ፈጠርትን ዝብሃሉ ሃገራውያን እንታይ ምስገበሩ ኢዮም በዞም ዝተጠቕሱ ስያመታት ዝተጠመቁ? እንብዓል ሽሪፎን መስፍንን ድሩዑን ማለት ጉጅለ 15 ሳምሶናይት ተኾልኪሎም ንኣዲስ ኣበባ ከይዶም ምስ መለስን ስዩምን ድሕሪ ሕጓ ኣቲዮም ሕቡእ ምስጢራዊ ኣኼባ ዘይምግባሮም ድዩ ወይስ ንኢሰያስ ኣብ ስልጣኑ ስለዝመጹዎ ኢዮም? “ንዓሻ ደርጉሓሉ ኣበይ ከይፈልጦ፣ ንልባም ኣምተሉ ኣበይ ከይስሕቶ” ዝብል ምስላ ቐዳሞት ጥቕስ ኣቢለ ይሓልፍ።

ብዝኾነ ብምኽንያት ሕቶ ጉጅለ 15 ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተዋህበ ምላሽን መደረን ምልስ ኢልካ ምራይ ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዝኾነ ዝተባህለ ብዙሕ እኳ ይሃሉ ብሸንኸይ ገለ ክጠቕስ ክፍትን እየ። ኣብ ኩርሲ ስልጣን ኹጢጥ ኢሉ ዘሎ መሪሕነት ትማሊ ትማሊ ኣፍልቡ ነፊሑ ንሕቶ ጉጅለ 15 ኣክንዲ ሓበራዊ ኣኼባ ጸዊዑ ሓደ ብሓደ ዘቲዩ ዝፈትሖ “ ዶባዊ ሕቶ ከይተሓንጸጸ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኲናት ብምህላውና፣ ስድራ ቤት ስውኣት ከይተደበሱ፣ ካብ ዓዶም ብሰንኪ ኲናት ዝተመዛበሉ ህዝቢ ከይተመልሱ” እናበለ በሽካዕላል ምሓላፉ ዋላ ኢቶም ዝሕለቕሉ ዝዝክሩዎ ሓቒ ኢዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከብቕዕ ግን እዞም ዝቐረቡ ምኽንያታት እንከይተፈትሑ ማለት ዶብ ከይታሓንጸጸ፡ ስድራቤት ስውኣቶም ከይተደበሱ፣ ዝተመዛበሉ ሕዝብና ናብ መዕቖቢኦም ከይተመልሱ እነሆ ኢሰያስ ጉጅልኡ ንኣዲስ ኣበባ ሰዲዱ። እዚ ብሕዝብኻን ሃገርካን ምሽቃጥን ምልጋጽን ዶ ኣይኮነን? ክነኡኽ እንታይ ክመጽእ'ዩ ሓቢርና ንሪኦ። ስርዓት ኢትዮጲያ በንጻሩ ዝገበሮ ኽኣ ንርአ።

ኣብዚ ክልተ ሰልስተ ዓመት ዝተኻየደ ኲናት ተሪር መርገጽ ወያነ ክዝክር እግደድ።
ገለ ኣብነት

1) “ ሻዕቢያ ካብ ዝሓዞ መሬትና እንከይወጸ ብሓባር ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኣይንብልን ኢና”

2) ኣብ ጊዜ ድርቂ “ ምጥቓም ወደብ ዓሰብ ጁባ ሻዕቢያ ምምላእ ስለዝኾነ ኣይንጥቀምን” ወዘተ...።

እዘን ክልተ ከምኣብነት ተጠቒሰን ዘለዋ ዓለም ብዓለሙን መራሕትናን ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎን ሓቒ ኢዩ። እምብኣር ወያነ ኣብ ድሕሪ ሳልሳይ ወራር ተወሲዱና ዝብሉዎ ዝነበሩ መሬቶም መሊሶምስ ኣብ መሬትና እንዳዓንደሩ ኣኼባ ኣይኮነን ነስመራ ምልስምልስ እንተበሉ ኣይመኽፍኣሎምን ነይሩ። እንተ እቲ ናህና፣ ናትካ ኢዬ ዝብል መሪሕነትና ግና ምስኡ ሓቢሮም ንመዋእሎም ብሕማም ተሳቒዮም፣ ብጥይትን መዳፍዕን ቆሲሎምን ደሚዮምን፣ ብጽሓይ ሃሩር ቀምሲሎምን ሓሪሮምን፣ ብጥሜትን ጽምእን ማሲኖምን ድኺሞምን ዝተቓለሱ መቓልስቱ ንዘቕረቡዎ ሕቶ ኣክንዲ ኮፍ ኢሉ ብዘተ ዝፈትሖ ዶብና ኣይተሓንጸጸን ዶ ዋላስ ስድራቤታት ስውኣቶም ኣይተደበሱን ዶስመንዶስ ኣይፍለይን እናበለ ጸኒሑ። ሰላሕ ኢሉ ኽኣ ኣብ መቑሕ ደቕዲቑዎም። ንዓና ነቶም ኣብ ማእሰርቱ ዘይኣተና ድማ ከምእንፈላለ ገይሩ። እቲ ንህዝብና ዝህቦ ዝነበረ መመኽነይታ እንከይዓጀቦ ምራኽ ልሳኑ እንከይነቀጸ እነሆ ልኡኻቱ እልእኽ ከምዘሎ እታ ብመንገዱ እትምወል ራዲዮ ሓሲያትሉ። ንሳ'ውን ብኻልኦት ስለዝተቓልሐ ኣቓሊሓቶ ትኸውን እደለ።

እቶም ደገፍቱ ነዚ መንግስትና እንተገበረ ብዓንተብኡ ደላዪ ሰላም፣ ሕጂ'ውን ከምኡ ምግባሩ ኣይተጋገየን። ንናይ ሃገራት ኣፍሪቓ ኣኼባ ኢዩ ከኣ ከይዱ ኢሎም ከማኻንይሉ ሸገለብ ክብሉ ኢዮም። እቶም ብስርዓት እቲዮጲያ ዝተገፍዑ ግና ብውሽጦም ደም ክነብዑን ክራገሙን እቶም ሓቂ መሲሉዎም ምሕንጻጽ ዶብን ምድባስ ስውእትናን ብሃንቀውታ ዝጽበዩ ዝጸንሑ ክኣ ተጻዊቱልና ኢሎም ብጓሂ ከም እስተጎመራ ዝተተፍኦም ልቦም ክንዱን ክጣዓሱን ኢዮም።

ብዝኾነ እቲ ጉዳይ ዶብና ኣብ 1993 ወዱእ ይንበር እምበር ዘይተደለየ ኲናት ስዓ ቡስ እነሆ ባልጃኻ ኣንጠልጢልካ ምስ ጉጅለኻ ምጋሽ ካብ ተጀመረ፣ ነቲ በጃ ሃገሩን ሕዝቡን ዝሓለፈን ዘሎን ናብ ማሙቕ ገዝኡን ስድራቤቱን ምፍናው ዘደናጉ ምኽንያት የልቦን እሞ ድምጺ ሓፋሽ ኣሽሓት ተፋኒዮም ኢላ ከተቓልሕ ክንሰምዕ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ንጽበ።

ሰሰን ሓጎስ ሽወደን
13-03-2002